## ዳዊት 115

1 ንኣና ኣይኰነን፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ንኣና ኣይኰነን፣ ግናኸ ስለ ምሕረትካን ሓቅኻን ኢልካ፣ ንስምካ ኽብሪ ሀብ።
2 ስለምንታይ ኣህዛብ፣ ኣበይ ደአ ኣሎ ኣምላኾም፣ ዚብሉና፧
3 ኣምላኽናስ ኣብ ሰማያት ኣሎ፣ ዝደለዮ ዅሉ ይገብር እዩ።
4 ጣኦታቶም ኢድ ሰብ ዝገበሮም ብሩርን ወርቅን እዩ።
5 ኣፍ ኣለዎም፣ ኣይዛረቡን፣ ኣዒንቲ ኣለዎም፣ ኣይርእዩን፣
6 እዝኒ ኣለዎም፣ ኣይሰምዑን፣ ኣፍንጫ ኣለዎም፣ ኣየጨንዉን፣
7 ኢድ ኣለዎም፣ ኣይድህስሱን፣ እግሪ ኣለዎም፣ ኣይከዱን፣ ብጐረሮኦም ድማ ገለ እኳ ኣየድምጹን።
8 እቶም ዚገብርዎምን ኣብኦም ዚውከሉን፣ ኲሎም ከምኣቶም ኪኾኑ እዮም።
9 ኣታ እስራኤል፣ ኣብ እግዚኣብሄር ተወከል፣ ንሱ ረዲኤቶምን ዋልታኦምን እዩ።

## 2ይ ቆሮንቶስ 3

4 ብክርስቶስ ግና ኣብ ኣምላኽ ከምዚ ዝበለ እሙንቶ ኣላትና፡
5 ክእለትና ኻብ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ካብ ርእስና ገለ ኸም ዘምጻእና፡ ሓንቲ እኳ ክንሐስብ ኣይከኣለናን እዩ።
6 ፍዴል ይቕትል፡ መንፈስ ግና ህያው ይገብር እዩ እሞ፡ ንሱ ኸኣ ንናይ መንፈስ እምበር፡ ንናይ ፍዴል ዘይኰነ
ኣገልገልቲ ሓድሽ ኪዳን ክንከውን ከኣልቲ ገበረና።
7 ግናኸ እቶም ደቂ እስራኤል ብምኽንያት እቲ ሓላፊ ዝኾነ ኽብሪ ኽነሱ፡ ምጥማት እቲ ገጽ ሙሴ ኽሳዕ ዘስእኑ፡ እታ
ብፍዴላት ኣብ ኣእማን እተቐርጸት ኣገልግሎት ሞት ብኽብሪ ካብ መጸትሲ፡
8 ክንደይ ደኣ ግዳ እታ ኣገልግሎት መንፈስ ብኽብሪ ብልጽቲ ዘይትኸውን፧
9 እታ ኣገልግሎት ኲነኔ ኻብ እትኽበር፡ ክንደይ ግዳ እታ ኣገልግሎት ጽድቂ ብኽብሪ ዘይትዓዝዝ፧

## ማርቆስ 7

31
ከም ብሓድሽ ድማ ካብ ወሰን ምድሪ ጢሮስ ወጺ፡ ብሲዶና ገይሩ ኸኣ፡ ንማእከል ዓሰርተ ዓዲ ናብ ባሕሪ ገሊላ ኸደ።
32
ሓደ ጸማምን ዓባስን ናብኡ ኣምጺኦም፡ ኢዱ ኼንብረሉ ለመንዎ።
33
ካብቶም ህዝቢ ንበይኑ ወሲዱ ድማ፡ ኣጻብዑ ኣብ ኣእዛኑ ኣንቢሩ፡ ጡፍ ኢሉ ልሳኑ ተንከዮ።
34
ናብ ሰማይ ቍሊሕ ኢሉ ኣተንፈሱ ኸኣ፡ ኤፋታ፡ በሎ። እዚ፡ ተኸፈት፡ ማለት እዩ።
35
ሽዑ ኣእዛኑ ተኸፍታ፡ ማእሰርቲ ልሳኑ ድማ ተፈትሔ፡ ኣቕኒዑውን ተዛረበ።
36
ንሓደ እኳ ኸይነግሩ፡ ኣምሪሩ ኣዘዞም። ንሳቶም ግና ብመጠን እቲ ዝኸልከሎም ኣዝዮም ኣውረዩ።
37
ንሳቶም ከኣ፡ ንሱ ንዅሉ ጽቡቕ ገበሮ፡ ጸማማት ከም ዚሰምዑ፡ ዓባሳት ከም ዚዛረቡ ገበረ፡ እናበሉ ብዘይ ልክዕ ተገረሙ።